# እታ ሰበይቲ ኣብቲ ዒላ



ጸሓፊ :- Edward Hughes
ገላጺ :- Lazarus
Alastair Paterson
ኣወሃሃዲ፣ Ruth Klassen
ትርጉም ፥ Daniel Efrem
ኣባዛሒ:- Bible for Children
www.M1914.org

BFC
PO Box 3
Winnipeg, MB R3C 2G1
Canada

©2021 Bible for Children, Inc.
ፍቓድ፣ ምቅዳህን ምብዛሕን እዚ ዛንታ ፍቑድ እዩ። ኣብ መሸጣ ክሳዕ ዘይወዓለ፣

ሓደ ግዜ የሱስን ደቀ መዛሙርቱን ብምድሪ ሰማርያ ይሓልፉ ነበሩ። ናብ ሓንቲ ሲካር ትብሃል ከተማ ድማ መጹ።



ኣብኡ ድማ ኩሎም ደቂ ሲካር ማይ ንዝስተ ዝቀድሑላ ዒላ ነበረት። እታ ዒላ ከኣ ቅድሚ ነውሕ ዓመታት በቲ ኣቦ እስራኤላውያን ዝኾነ ያቆብ ዝተኳዕተት እያ፡፡



ኣብቲ እዋን ቀትሪ ድማ ኣዝያ ብርትዕቲ ጽሓይን ኣዝዩ ሃሩር ኩነታት ኣየር ነበረ። የሱስ ድማ ኣብቲ ዒላ፡ እቶም ደቀ መዛሙርቱ ካብቲ ማእከል ዕዳጋ መግቢ ክሳዕ ዘምጽኡ፡ ኮፍ ኢሉ ይጽበ ነበረ፡፡





የሱስ ድማ ንበይኑ
ተቐሚጡ ነበረ። ነዊሕ ኮፍ
ከይበለ ግና ሓንቲ ሰበይቲ
ካብታ ከተማ ማይ
ክትቀድሕ ናብቲ ዒላ
መጸት። የሱስ ድማ "ማይ
እባ ኣስትይኒ" በላ።

እታ ሰበይቲ ድማ ኣዝያ ተገረመት። "ከመይ ኢልካ ንስኻ ኣይሁዳዊ ከለኻ፡ ንዓይ ንሳምራዊት ሰበይቲ ማይ ኣስትይኒ ትብለኒ" በለቶ። ኣብቲ ግዜ ኣይሁድን ሳምራውያንን ሰላም ኣይብሃሃሉን ነበሩ።



የሱስ "መን ከምዝኾንኩ እንተትፈልጢ፡ ንስኺ ማይ ህይወት ክህበኪ ምለመንክኒ" ምስ በላ ድማ ኣዝያ ተገረመት።





እታ ሰበይቲ ድማ " ንስኻ ዝኾነ መቕድሒ ማይ ኣይሓዝካን፡ እዚ ዒላ ድማ ኣዝዩ ዓሚቕ እዩ። ነቲ ማይ ሂወት ካበይ ከተምጽኦ?! ንስኻ'ዶ ካብቲ ነዚ ዒላ ዝኳዓተ ኣቦና ያቆብ ትዓቢ ኢኻ? . . ." በለቶ፡፡



"ዝኾነ ካብዚ ማይ እዚ ዝሰትይ ኩሉ፡ ደጊሙ ክምዝጽምእ ትፈልጢ ኢኺ። ካብዚ ኣነ ዝህቦ ማይ ዝሰትይ ግን ኣይጸምእን እዩ። እቲ ኣነ ዝህቦ ማይ ምስኡ እዩ፡ ካብ ከብዱ ድማ ሩባታት ህይወት ክፍልፍል እዩ" በላ። ንሳ ድማ "ካብቲ ማይ ሃበኒ፡ እሞ ካልኣይ ግዜ ናብዚ ዒላ ኣይምለስን" በለቶ

የሱስ ድማ ኬድኪ ንሰብኣይኪ ኣምጽእዮ በላ፡፡ ንሳ ግና "ሰብኣይ የብለን" በለቶ። የሱስ ድማ "ሓሙሽተ ሰብኡት ነይሮምኺ፡ እዚ ሕጂ ምሳኺ ዘሎ ድማ ሰብኣይኪ ኣይኮነን እሞ ሓቅኺ ኢኺ በላ"።



እታ ሰበይቲ ድማ፡ የሱስ ነብይ ምዃኑ ኣስተውዓለት፡፡ ስለዚ ብዛዕባ
ንኣምላኽ ኣበይ ቦታ ከተምልኾ ከምዝሎካ ክትሓቶ ጀመረት። "ኣብ
የሩሳሌም ድዩ ወይሲ ኣብዚ ኣቦታትና ዝበሉና ቦታ ኣብ ጎቦታት ከድና ኢና
ክንሰውእ" በለቶ። የሱስ ድማ እቶም ናይ ብሓቂ ሰገድቲ ብሓቅን ብመንፈስ
ክሰግዱ ከምዝለዎም ነገራ።



ድሕሪ'ዚ "እቲ መሲሕ ክምዝመጽእ ፡ እሞ ብዝዕባ ኩሉ ክምዝነግረናን ይፈልጥ እየ" በለቶ፡፡ የሱስ ድማ "ኣነ እቲ ትብልዮ ዘለኺ እየ" በላ። ክምኡ ምስ በላ፡ እቶም ደቀ መዛሙርቱ ካብቲ ክይደሞ ዝነበሩ ተመለሱ። እታ ሰበይቲ ድማ ነቲ ክቡር ናይ ማይ ዕትሮኣ ሓዲጋ ናብ ከተማ ኣተወት።





"ንዑ፣ ርኣዩ! ኩሉ ዝገበርክዎ ዝነገረኒ ሰብኣይ" እታ ሰበይቲ ንኩሎም ኣብ ሲካር ዝነበሩ ሰባት ነገረቶም። "ክርስቶስ ዶ ኮን ይኸውን!?" እቶም ህዝቢ ድማ ክርእይዎ ወጹ።

ከምዚ እናኾነ ከሎ፡ እቶም ደቀመዛሙርቱ ንየሱስ ብላዕ በልዎ። የሱስ ግና በሎም "ብልዐይ'ሲ ፍቃድ እቲ ዝለኣከኒ ክገብር እዩ"። ናይ የሱስ ስራሕ ሰባት ናብ እግዛብሄር ኣቦ ምምላስ እዩ።



ኩሎም እቶም ናብ የሱስ ዝመጹ ሳምራውያን ድማ፡ ሳላ እታ ሰበይቲ ዝነገርቶም ቃል፡ ብእኡ ብየሱስ ኣመኑ፡፡ ንሳቶም ድማ ምስኦም



ክቕኒ ለመንዎ፡ ንሱ ድማ ክልተ መዓልቲ ምሳቶም ቀነየ።
ብዙሓት ድማ በቲ የሱስ ዝነገሮም ቃል ኣምላኽ ኣመኑ።
"... ባዕልና ሰሚዕና፡ ናይ ብሓቂ ንሱ ክርስቶስ፡ ንዓለም ዝድሕና ውን ንሱ ምዃኑ ኢና ዝኣመንና" በሉ።

እታ ሰበይቲ ኣብቲ ዒላ

ዛንታ ካብ ቃል እግዚኣብሄር። መጽሓፍ ቅዱስ

የው 4

"ምኽፋት ቃልካ የብርህ ንገርህታት ኣእምሮ ይህብ።" መዝሙር 119፣130

መፈጸምታ

እዚ መጽሓፍ ብዛዕባ እቲ መደነቕ እግዚኣብሄር ኣምላኽ እዩ ዝነግር፣

ቃል ኣምላኽ ኩልና ሓጢእና ክብሪ ኣምላኽ ከም ዝሰኣና
ይነግረና፣ ዓስቢ ሓጥኣት ሞት እዩ። ውህበት ጸጋ ኣምላኽ ግና
ብየሱስ ክርስቶስ ጎይታና ናይ ዘለኣለም ህይወት እዩ፣ ንሕና ገና ሓጥኣን ከሎና
ክርስቶስ ኣብ ክንዳና ሞይቱ እዩ እሞ ኣምላኽ ኣታ ፍቕሩ ንኣና ብዚ የርኢ ኣሎ፣
እንተ ንየሱስ ክርስቶስ ከም
ጎይታናን መድሓኒናን ተቀቢልናዮ ንሱ ካብ ኩሉ ሓጥያትናን
ኣበሳናን እቅረ ክብለልና እሙንን ጻድቕን እዩ፣

ኣምብኣረይ ሕጂ እዚ ጸሎት እዚ ብሓባር ንጸሊ!
“ኦ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ብሓጥያተይ ይእመን ኣለኩ። የሱስ
ወዲ ኣምላኽ ኣብ ክንዲ ሓጥያተይ ከምዝሞተለይን ካብ ምውታት ድማ ከም
ዝተንሰኣን እኣምን ኣለኹ፣ ኦ ጎይታ የሱስ ካብ ኩሉ ሓጥያተይ ምሕረት ክትገብረለይን
ሓድሽ ሂወት ክትህበንን ይዕድመካ ኣለኹ፣ ካብዚ ሰዓት ጀሚረ ውሉድ ኣምላኽ
ክኸውን መሰል ስለ ዝሃብካንን ሓድሽ ፍጥረት ስለዝገበርካንን የመስግነካ
ኣለኹ፣” ኣሜን፣

ቃል ኣምላኽ ነንብብ ምስ እግዚኣብሄር ድማ ኩሉ ሳዕ ንዘራረብ! የውሃንስ 3።16